Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ንዑቕባ ኣመልከትቲ ብዛዕባ ምምልካት ዑቕባ ዝገልጽ ኣገዳሲ ሓበሬታ

TIGRINYA

## ዑቕባ ክተመልክቱ ክለኹም ኣየኖት ሰነዳት እየን ዘድልያ?

ምምልካት ዑቕባ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ስደተኛታትን እቲ ናይ መጀመርታ ቆጸራኹም እዩ። ንሕና ንዓኹም ብዛዕባ መንነትኩም ከምኡ ድማ መንበሪ ኣድራሻኹም፣ ትምህርትን ስልጠናን መያን፣ ትመልክዎ ቋንቋታትን መገዲ ጉዕዞኹምን ንሓተኩም ኢና። ሓንቲ ተርጓሚት ወይ ድማ ሓደ ተርጓማይ ነቲ ኩሉ ትነግሩና ክት/ትርጉምእያ/ዩ።

እቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ቀልጢፉ ምእንቲ ክሳለጠልኩም፣ **ዘለኩምእንተ ኾይኑ**፣ ነዘን ቀጺለን ተዘርዚረን ዘለዋ ሰነዳትን ዶኩሜንታትን ብመልክዕ ወረቐት ተማሊእኩም ምጹ:

**ናይ ውልቅኹም ዶኩሜንት – ብኽብረትኩም ኦሪጂናል ዶኩሜንት ጥራሕ**

- ፓስፖርት
- ወረቐት መንነት
- ወረቐት መንነት ቤት ትምህርቲ
- ምስክርነት ልደት
- ፍቓድ መምርሒ
- ናይ ስድራቤት መዝገብ ቅዳሕ
- መጽሓፍ ቤተሰብ
- ምስክር ወረቐት ቃል ኪዳን
- ወረቐት መንነት ውትህድርና
- ወረቐት መንነት ስራሕ
- ወረቐት መንነት ኣባልነት
- ናይ ስራሕ መረጋገጺ
- ምስክር ወረቐት (ናይቲ ምስክር ወረቐት ሓደ ቅዳሕ ጥራሕ ክግበር እዩ፣ ምምልካት ዑቕባ ምስ ተወድኤ ነቲ ኦሪጂናል ሒዝኩሞ ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም)

**ንምስዳድ ምኽንያት ዝኾና ሰነዳት**

- ስእልታት
- ፍርዲ ወይ ውሳነ ቤት ፍርዳዊ ኣገባብ
- ትእዛዝ ማእሰርቲ
- ናይ ፖሊስ ምርመራ ዘመልክታ ጽሑፋት ወይ ድማ ካልኦት ሰነዳት ፖሊስ
- መፈራርሒ ደብዳበታት
- ዓንቀጽ ጋዜጣ (ፍሉይ ሽም ዝጠቐሰ)
- ምስክር ጥምቀት
- ናይ ሶሺያል ሜዲያ ደብዳበታት (ፌስ ቡክ፣ ኢንስታግራም፣ ትዊተር ወ.ዘ.ተ.) ምስ እቲ ናትኩም ምኽንያት ስደት ዝተተሓሓዘ

- ካልኦት ሰነዳት፣ ንምሳለ ብመስኻኽር ዝተጻሕፉ ደብዳበታት

***መረጋገጽቲ ጽሑፋት***

- ጽሑፍ መረጋገጺ ሓኪም
- ደብዳበ ሓኪም
- ስነ ኣእምሮኣዊ ጸብጻብ
- ናይ ጎነጽ መረጋገጺ ጽሑፍ/ናይ መቐጸዕቲ መውቃዕቲ
- ካልኦት መረጋገጽቲ ጽሑፋት

**መተሓሳሰቢ:** ነቲ ጉዳይኩም ዝምልከታ ሰነዳት ጥራሕ ተማሊእኩም ምጹ። ነዘን ሰነዳት **ብመልክዕ ጽሑፍ** ከተቕርቡ ኣለኩም። እዘን ሰነዳት ብዲጂታል ዝተቐደሐ ዘለኩም እንተ ኾይኑ፣ ኣብቲ መንበሪኹም ኣበይ ከተሕትምዎ ከም እትኽእሉ ሕተቱ።

መረጋገጽቲ ጽሑፋት ካብ መበቆል ዓድኹም፣ ካብ ሓደ ሳልሳይ ዓዲ ወይ ድማ ካብ ጀርመን ክኾና ይኽእላ ኣየን። ኣገዳሲ እንተ ኮይኑ ናብ ሓኪም ኪዱ።

ኣብቲ ናይ መጀመርታ መቐበሊ መንበሪ ዘይትነብሩ እንተ ኾንኩም እሞ ኣብ ሓደ ካልእ መንበሪ ዝተመደብኩም እንተ ኾንኩም፣ ብኽብረትኩም ናይ መንበሪኹም ኣድራሻ እውን ሃቡና።

መመልከቲ ዑቕባ ምስ ኣቕረብኩም፣ ነቲ እዋን ኣገባብ ምጽራይ ጉዳይ ዑቕባ ሓደ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክትወሃቡ ኢኹም። ነቲ ናይ መንበሪ ፍቓድኩም ኩሉ ጊዜ ካባኹም ኣይትፍለይዎ።